الحركة الشعبية الإرترية
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
Eritrean People's Movement

# ጽማቝ ዋዕላ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
# ሕቡራት አመሪካን ካናዳን ብስፍሕ ዝበለ.

መሰረታት ኤ-ህ-ም (EPM) አመሪካን ካናዳን፣ ብዕለት 4/9/2005 አን ዋሽንግቶን ዲሲ፣ ዞባዊ ዋዕላ ከም ዘካየደ ብሕጽር ዝበለ መግለጺ ሓቢሩ። አብዚ ዋዕላ'ዚ ናይ ኩሉን ጨንፈራት መራሕትን መሰረታትን ተኻፊሎም። አጋጣሚ ብስራሕ ምኽንያት ይኹን ብግሊ፣ አብቲ ዋዕላ ዘይተሳተፉ አባላት፣ ብጽሑፍ መልክዕ ሓሳባቶምን ለበወታቶምን ደገፎምን ገሊጾም። ኣኼበኛ ሕሉፍን ዘሎን ዝመጽእን አብ ግምት ብምእታው፣ ኤ-ህ-ም ተሞክሮታቱን ጉድለታቱን አዕሚቑ ብሰፊሕ ማለት በብሓደ ብምምይያጥ ጽኑዕ ዝኾነ እምንቶኡ ውሳነታቱን አሕሊፉ። ኤ-ህ-ም ነቲ ዘጋጠሞ ዕንቅፋታት ወጊዱ፣ ብሓድሽ መንፈስ ምትእምማን ግሉጽነትን ዘሀብትም ሃዋህው ብምዝውታር፣ ብዝበለጸን ዝሓየለን ብስሩዕ አገባብ ቃልሱ ክቕጽል ምእኳኑ ብምውሳን፣ ንሕቡራት አመሪካን ካናዳን ዝውክል መሪሕነት ብምምራጽ ዋዕላኡ ዛዚሙ።

አሰራርሓ ውድብና ኤ-ህ-ም ሽፍንፍን ተወጊዱ ግሉጽ ክኸውን አለዎ ኢልና ስለ ንኣምን፣ ካብ ህዝቢ ዝኸወል እውን ስለ ዘየሎ፡ ዘውጻናዮ መግለጽታትን ዝወስድናዮ ስጉምትታትን ንኽነተግብር፣ ዘገዱድና ነጥብታት ብኸፊል ንምዝርዛር ዝኣክል።

- ድሕሪ ቀድማይ አኼባ ምዝዛም፡ ጸብጻብ ብኣኼባ መልክዕ፣ ንዞባታትን ጨናፍራትን ይገለጽ፡ ዝብል ብመሰረታውያን ንዝቐረበ ጠልብ፣መልሲ ዕቡያት ነቶም አብኡ ዝወዓሉ ሕተቱ ዝብል መልሲ ተዋሂበ።
- አብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካናዳን፣ ንጥፈታት ውድብ ብግቡእ ክሰላሰል መሪሕነት ነቒም፣ ዝብል ሕቶታት ካብ ኩሉ ጨንፈራት ንዝቐረበ ምሕጽንታት እውን፣ ምስ ናይ ቍጠባ ሓልፊ ተራኺቡ፣ ንሱ ንኹሉ ስራሓት ከካይዶ ይኽል እዩ፣ ዝብል ናይ ዲክተታኣዊ አሰራርሓ ተቐልቀለ።
- ንናይ ሓሙሽተ ውድባት ስምረት፣ አብ ከተማ ካስል ጀርመን ብዕሊ ንዝትኣወጀ ብስራት ናይ ሰላምን ሓድነትን፣ ኤ-ህ-ም ምትፍናንን ምጽልላምን ምንዕዓቕን ተሪፉ ምክብባርን ሓድነትን አንጊስና፣ ግሉጽነት ተመርኲስና ብሓባር እንቃለሰሉ ዓውዲ ክንስርት አሎና፣ ብምባል ዓቢ እጃም ከም ዘበርከተ ዝዝከር እዩ። ኮይኑ ግን ነቲ ንብህጎን ንጽበዮን ዝነበርና ሓድነትን ስምረትን ብኸመይ ይካየድ ከም ዝነበረ እውን ካብ ካሎት ወድባት ደኣ'ምበር ካብ ውድብና ምንም ጽሑፋት ንረክብ አይነበርናን። አብ ራብዓይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት፣ ህዝቢ ዘይተጸበዮ ሃንደታዊ፣ ናይ ሓሙሽተ ውድባት ስምረት ፈሪሱ፣ ናይ ሰለስተ ውድባት ስምረት ክእውጃ ይቃራረባ ከምዘለዋ ተገለጸ። እዚ ሕጋውነት ዝጣሓሰ መግለጺ፡ መሰል አቦወንበርን ዋና ጸሓፍን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ማለት አድሓኖምን ቀርነልዮስን ብወግዒ ንዝተዋሃቦም ሓልፍነት ጥሒስካ፡ አቦወንበር ነበር ዓብደላ አደም ዝወሰዶ ድንጉር ዝኾነ ትዕቢታዊ አሰራርሓ ዝዓለመ እዩ። አብዚ ከይ ጠቐስናዮ ክንሓልፍ ዘይንደሊ፡ እተን ክልተ ውድባት ግዜ ይወሃበና ኢና ዝበልና ዝብል መግለጺ ከም ዘውጽኣ እውን ይዝከር። ነዚ አቦወንበር ነበር ዓብደላ አደም ንዝወሰዶ በይናዊ ስምምዓት ዘይሕጋዊ ዘብልና ነጥብታት።
    1. እቲ ንናይ ሓሙሽተ ውድባት ስመርት ዘሳናኽል ነጥብታት፣ ብአቦወንበር አድሓኖምን ዋና ጸሓፊ ቀረነልዮስን፡ ተጻርዩ ናብ ህዝቢ ክወርድ ነይርዎ።
    2. ከምቲ አብ ጀርመን ሓሙሽተኤን ውድባት ንኽሰምራ ብሰነድ ዝተሰነየ ክታመን ዘንበራሉ፣ ከም ኡ'ውን እቲ ናይ ስምረት ውዕል እንተዳኣ ፈሺሉ፡ ነቲ ዘየስማምዐን ነጥብታት ዘርዚረን፣ ሓሙሽተኤን ውድባት ብሰነድ ዝተኸተመ ስንብታ ክኸውን ነይርዎ።
    3. ነዚ መሰረት ብምግባር ብሓድሽ አጀንዳን መድረኽን ምስ ዝኾነ ውድብ/ውድባት ናይ ስምረት ውዕላት ቅድሚ ምስምማዕን ስጉምቲ ምውሳድን፣ አቦወንበር ነበር ዓብደላ አደም፣ ምስ ፈጻሚት ሽማግለን መሰረታውያንን ክመያየጥን ክሕብርን ግሉጽነት ከትግብር ነይርዎ። እንተደአ ፈጻሚት ሽማግለን መሰረታውያንን ተሳማሚያምሉ፡ ሓድስ ሽማግለ ብምምራጽ እውን እቲ ስምረት ክቕጽል ምተኻኣለ። ኮይኑ ግን አኦወንበር ነበር ዓብደላ አደም፣ ፈላጽን ቆራጽን ብምኳኑ ብኢደወነኑ ንስምረት ናይ ሰለስተ ውድባት ተሳማምዔ።

- ነዚ ኩሉ ብጽሞናን ትዕግስትን ከስተባህል ዝጸንሔ መሰረትን አባልን ግን፡ ገለ ጸግማት አሎ ኢሉ ብምእማን፡ መሪሕነት ጸገማቱ ንኸለሊ ካብ ኩሉ ዞባታትን ጨንፈራትን ንዝቐረበሉ ምሕጽንታታት፡ አቦወንበር ነበር መልሲ አይሃበሉን።

- ኣቦወንበር ነበር ዓብደላ ኣደም፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፣ ኣኼባ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት፡ ኣካይዱ ንኽብቅዕ፣ ኣብኡ ንዝርከቡ ኣባላት ብዘይምሕባሩን፣ ሓብረና እንተብልዎ እውን፣ ምልኪ ጠባያቱ ተጠቒሙ ኣቓልቦ ብዘይምሃቡ፡ ውድባዊ ገበን ፈጺሙ። ኣብላት ግን ከም ሰቦም ኣብ ኢንተርነት ተኻታቲሎሞ።
- ከምኡ'ውን ኣብ ሱዳን ብኣቦወንበር ነበርን ዓብደላ ኣደምን ናይ ስልጣን መጫርቱን፡ ዝተገበረ ኣኼባ ውድባዊ ሕጋውነት ዝለበሰ ስለ ዘይኮነ፡ ናይ ውሱናት ምሕበራዊ ጉጅለ ምኽኑ ተገምጊሙ።

ካብዚ ብምቕጻል መሰረት ኤ-ህ-ም ኣመሪካን ካናዳን፡ ነዚ ኣብላዕሊ ዝተጠቐሰ ምርኩስ ብምግባር፡ ሽግር ህዝብን ሃገርን ብቐዳምነት ብምስራዕ፡ ብኽላዊ ስምረትን ሓድነትን ውድባት፣ ከምኡ'ውን ኪዳን ንዝገብሮ ዘሎ ጻዕርታት ብዓቢ ኣትኩሮ ብምስትብሃል፡ ስርዓት ህ-ግ-ደ-ፍ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጽናት ተታሓሒዝዎ ንዘሎ ዓላማ ንምምካት ምስ ኩሎም ደለይቲ ሰላም ደቂ ሃገር፡ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና፡ ቃልስና ብዝሓነነ ከም ንቕጽልን፡ ንኹሉ ወዲ ሃገር ማዕጸና ክፉት ምኻኑን በዚ ኣጋጣሚ ክንሕብር ንደሊ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውእኣትና
ዓወት ንደሞክራሲ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ
ኤ-ህ-ም ዞባ ሕቡራት ኣመሪካን ካናዳን።